# ጥውዮ ነጻላ፡ ስለምንታይ ?

ጥውዮ ነጻላና ነኽብራ ዕስራ ሰነ:
መብጽዓ መንፈስና ትርጉማ ካብ ኮነ

ምጥ'ቓዕ ቀሊል 'ዩ ንግንቦት ኣብዒልካ
"ኤርትራዊ !" ኢልካ ወለዶ ቆጺርካ
ምስዕሳዕ ቀሊል 'ዩ ባንዴራ ጨቢጥካ
ብስም ኤርትራዊ ኣብ ዝነበርካ ኔርካ

ፍለጦ መስዋእቲ ብግብሪ ተርጕምካ
ኣብ ጥውዮ ነጻላ በዓል መን ቀቢርካ
ንክብረት ሓድነት ዘክር ስውኣትካ
ሕድርኻ ኣይትጥለም ሰነ ተዘክርካ

እወ'ታ ሰነ !
ስውእ ዝወደቐሉ ንኽይንዳነ !

ባርቢኪው ኣይኮነን ወይ ንግደት ምውዓልካ
ሰነ ዘዘክራ ስውኣት ጸብጺብካ
ሕድሪ'ዩ ትርጉሙ ፍለጦ ግቡእካ
ጽንዓትካ ኣደልድል መትከል ስውእ ሒዝካ

ሰነ ድሕሪ ግንቦት ሽምዓ ምውላዕካ
ንድራር ኣይኮነን ኣጸምው ኣቢልካ
ትርጉሙ ፍለጦ ነብስኻ ፈቲሽካ
መልእኽቱ ሕሰቦ ወሪድካ ደይብካ

እስኻ ንክትነብር ወትሩ ተኸቢርካ
ዓጽሚ መን ተሴሩ ናይ መን ደም ኣፍሲስካ
ምብላጽ ዘርበጥበጥ ቀንጠብጠብ ገዲፍካ
ኣሰሮም ተኸተል ኤርትራ ዘኪርካ

እወ'ታ ሰነ!
እዚ ኩሉ መስዋእቲ ስለ ምንታይስ ኮነ

ብስም ዲሞክራሲ መሰል ተጎልቢብካ
ሓንሳብ ብባድመ ብዶብ ኣሳቢብካ
ሓንሳብ ብሶማልያ ግብረ ሽብር ኢልካ
ሃንሳብ ብጂቡቲ ነገር ቶኺቲካ

ናይ ጸዓዱ ሸርሒ ከሎ ኣብ ዝባንካ
ናይ ወያነ ጊልያ ከሎ ኣብ መሬትካ
ከዳሚ ወያነ ከሎ ኣብ ዶባትካ
ነብስኻ ኣይተዓሹ ተቃዋማይ ኢልካ

እው’ታ ሰነ !
ናይ መን ገዛ በሪሱ መን በዓል ቤት ኮነ ?

ዓዲ ክትዛወር ካብ ኤውሮጳ ኣመሪካ
ካብ ስራሕ ትምህርቲ ቫኬሽን ሓቲትካ
ሕድግለነ ግበር ኣይትሕለፍ ሸፈጥካ
ስድራ ሰውእ ዘክር ኣማልእ ግቡእካ

ሶማል ዝወረደ ኣብቲ ጎረቤትካ
ድሕሪ ‘ቲ ምፍሻሉ ጾሮና ጋሻ ባርካ
ብምንታይ ፈሺሉ ዘክሮ ታሪኽካ
ጥውዮ ነጸላና ሎሚ ተዘክርካ

እው’ታ ሰነ!
ጥውዮ ነጸላና ጸላኢ ዘድነነ

ህዝብኻ ከርዕድ ንኽብተን ሰብካ
ኣይ ኩናት ኣይ ሰላም ንከይሕንጸጽ ዶብካ
ምሕራም ናይ መግቢ ንዝወረደካ
ክርሳዕ የብሉን እተፈጸመካ

ካብ ዘመን ሓምሳታት ተመኩሮ ሒዝካ
ዳንደ “ዲሞክራሲ” ናውቲ ከይኾንካ
“ተቓወምቲ” ኢልካ ነብሲ ከይጠበርካ
ናይ መጻኢ ሕሰብ ማዕዶ ጠማሚትካ

መስዋእቲ ከይከውን ናይ ተበለጽቲ ዳካ
ህርፋን ናይ ኮርቻ ሓያላን መዝሚዝካ
ንጸታ ሃይማኖት ኣውራጃ ከይበልካ
ኣብ ጽኑዕ ኣርግጾም ሃበርም ብጾትካ

ንዝበጻሕካሉ ንኽንደይ ሰጊርካ
ክሳድካ ንክቐንዕ ኤርትራዊነትካ
ከይፎክስ ሚዛኑ ’ቲ ጥውዮ ኩሸካ
ሎሚ ተመባጻዕ የቕንየለይ ኢልካ

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ
ሳን ሆዘ፡ ካሊፎርንያ፡ 2011